# ኮንፈረንስ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዞባ ኣውሮጳ

## ሓባራዊ ሽማግለ ዜና
25.10.2009



ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣውሮጳ፡ ዝርከቡ ወከልቲ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ካብ ዕለት 24-25 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ፍራንክፈርት፡ ጀርመን፡ ዞባዊ ኮንፈረንስ ኣካይዶም። ዞባዊ ኮንፈረንስ፡ ካብ ሰለስቲኡ ውድባት ብዝቘመት ሓባራዊት ሽማግለ ኢዩ ተዳልዩ። ኣባላት ሓባራዊት ሽማግለ ዞባ፡ ብጾት ረዘነ ተስፋጽዮን፡ ንጉሰ ጸጋይን ኣልኣዛር ሓጎስን ኢዮም።



ኣብ’ቲ ኮንፈረንስ ዝተሳተፉ ተወከልቲ 85 ክኾኑ ከለዉ፡ ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፤ ኣብ’ቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ዝኾኑ ብጾት መስፍን ሓጎስ፡ ኣማኒኤል ሃብተን መንግስተኣብ ኣስመሮምን ውን ተረኺቦም ነይሮም።



ብጻይ ረዘነ ተስፋጽዮን፡ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ድሕሪ ምቕራብ፡ ዕላማታት ኮንፈረንስን ተሳተፍቲ ኮንፈረንስ ክዛረቡሎም ዘለዎም ዛዕባታትን ኣብሪሁ። ብጻይ ንጉሰ ከኣ፡ ኣስማት ወከልቲ እናጠቐሰ፡ ነቲ ናይ ተሳተፍቲ ናይ ምልልያይ መደብ መሪሕዎ። ስዒቡ፡ ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ሕጽር ዝበለ መግለጺ ናይ’ቲ ዝኸደ መስርሕ ናይ ሓድነትን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ኣብ መጻኢ ዝጽበዩና ዘለዉ ዕማማትን ገሊጹ።



ኮንፈረንስ ዞባ ኣውሮጳ ኣብ ስርሑ ቅድሚ ምእታዉ፡ ካብ መንጎኡ ነቲ ኣኼባታት እትመርሕ 6 ዝኣባላታ ሰክረታርያ መሪጹ። ንሳቶም ዶክተር ተድሮስ ኣማኒኤልን ብጻይ ሃይለ ወልዱን ካብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብጾት ደስበለ መሓርን ብርሃነ ገብረእግዚኣብሄርን ካብ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፣ ብጾት ኣልኣዛር ሓጎስን ኢሳያስ ተወልደን ካብ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኢዮም።




ኮንፈረንስ ዝዘተየሎም ዛዕባታት፡ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ፡ ንድፊ ቅዋምን ከመይነት መስርሕ ምጽንባር ሰለስቲኡ ውድባትን ዝብሉ ነበሩ።



ኮንፈረንስ፡ ነቶም ኣብ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ንድፊ ቅዋምን ሰፊሮም ዘለዉ ዓንቀጻት ብደቂቑ ተመልኪቱን፣ ብዕምቀትን ናይ ምርድዳእ መንፈስ ብዝዓሰሎን ኣገባብን

ተመያይጥሉ። ኣብ ክልቲኡ ንድፊ ሰነዳት ክመሓየሹ፡ ወይ ክውሰኹ፡ ወይ ክጐድሉ ኣለዎም ዝበሎም ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ። ነቲ ከመይነት መስርሕ ምጽንባር ዝብል ዛዕባ ድማ፡ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ንዘቕረቦ ንድፊ ኮንፈረንስ ምሉእ ደገፉ ገሊጹ።



ኣኼባ፡ ሰንበት ዕለት 25 ጥቅምቲ 2009፡ ኣብ ከባቢ ሰዓት ሓደ ድሕሪ ቀትሪ ብዝኸሪ ስውኣት ተዛዚሙ።